# ስለምንታይ ግን፧

ብ.ጴጥሮስ ተኽሉ፡(ሓላዪ)25/07/2015

መሰልካ ክትመዝን፣ ፈውሶ'ቲ መርዘን

ኣይትፍኮስ ርዘን!  ብጭብጢ ግን ሓዘን፡

ካብ ኣፍልጦ'ኻ ንላዕሊ ሓያል ክትበሃል

ብምግዳስ ጠለብ ህዝቢ ምስትብሃል

ብፍትሒ ዝሰሓል በሊሕ ክይደሃል

ህዝባዊ-ጠለብ መልስ ክብል ከሎ ሃልሃል፡

ሕልናዊ መግብኻ ሓቂ

ንቅንዕናኻ ዘይንክ ስንቂ

ንኹሉ የአንጊዱ ዘዕገበ

ቅቡል'ዩ! ዘይብሉ ዝድርበ፡

ገምጋም ግበረሉ ፍረ ጻዕሪ

ብኸንቱ ኣይተሕልፎ ጊዜኻ ከተማዓራሪ

ልዕሊ ኹሉ እምነት ዝጎደላ ፍቕሪ

ናብ ምፍራሳ'ያ ይትረፍዶ ከተዕሪ፡

እምነትካ ዘርጉድ ተረድኦ

ብተግባር ዝስነ ኣስተዋጽኦ

ንሓደ ሓቀኛ ንሓደ ዘይጎድኦ

ብርግጽ ዘይከሓድ ፍረ ኣለዎ፡

ዓቕምኻ ፍለጥ ኣብ ምንታይ፧

ደፋእ ድንኩል ዲኻ ደፋእ ተስታይ

ምህርትኻ ሕፈስ ኣብ ሕርሻ

ቆፎታትካ ምላእ ሸረብ ካሻ፡

ነጋዳይ ዲኻ፧ ንገድ፣ ምሁርዲኻ፧ ምሃር

ህዝቢዩ ወሳኒ ዝመርሕ ንደሓር

ንሃገርካ ካብ ትኾና ቅሓር

ስለምንታይ ግን! ከምዚኾይንና፧ ኢልካ ካብ ተሞክሮ ተመሃር።